ዜና ካልኣይ መዓልቲ፡ 6ይ ውድባዊ ጉባኤ
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/




ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሑ፡ ዝጋባእ ዘሎ 6ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ቀጺሉ ውዒሉ። ጉባኤ ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ውዕልኡ፡ ሎሚ 22 ሰነ 2013 ንግሆ ሰዓት 9፡00 ጀሚሩ ክሳብ ምሸት ሰዓት 7፡00 ንኣስታት ሸሞንተ ሰዓታት ቀጺሉ'ዩ ውዒሉ። ኣብ ናይ ሎሚ ውዕሎ፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ስርሓ ብምዝዛም፡ ሓላፍነታ ንክተረክብ ሰለስተ ዝኣባላታ "ፕረዚድዮም" /ጉባኤ እትመርሕ ኮሚቴ/ ንክትምረጽን ሓሙሽተ ሕጹያት ተሳተፍቲ ጉባኤ ንክረቑሑን ንገዛ ሓሳባት ኣቕረበት። ገዛ ነቲ ዝወረደ ሓሳብ ብሙሉእ ድምጺ ተቐቢሉዎ። በዚ መሰረት ሓሙሽተ ሰባት ብሕጸ ምስ ቀረቡ፡ ካብ ሕጹያት ወጻኢ ሰለስተ ዝኣባላታ ኣማራጺት ኮሚቴ ብሙሉእ ድምጺ ተረቑሑም ንመስርሕ መረጻ "ፕረዝዲየም" ክመርሑ ተገብረ።




ኣምራጽት ኮሚቴ ብወገና ነፍሳ ድሕሪ ምስራፅ፡ ንጉባኤተኛታት ኣብ መስርሕ መረጻ ክኽተልዎ ብዛዕባ ዝግባእ መምርሒታት ኣነጸረት። ጉባእተኛ ድምጹ ብስቱር ደሞክራሲያዊ ኣገባብ ሂቡ። ኣምራጺት ኮሚቴ ድምጺ ቆጺራ ድሕሪ ምክያድ ነፍስ ወከፎም ዝረኸቡዎ ድምጺ ንጉባእተኛ ገሊጻ። በዚ መሰረት ዝለዓለ ድምጺ ዝረኸቡ ሰለስተ ሰባት ንጉባኤ ንክምረሑ ሓላፍነት ብምስካም ኣምራጺት ኮሚቴ ነቲ መድረኽ ኣረኪባ ናብ ቦትኣ ተመለሰት።

ብምቅጻል በቲ ዝተቀመጠ መደብ መሰረት፡ ናይ ሰለስተ ዓመት ጸብጻብ ማእከላይ ሽማግለ ብኣቦ መንበር ሰደግኤ ብጻይ ብርሃነ የማነ ቀሪቡ። ተጋባእቲ ካብቲ ዝቀረበ ጸብጻብ መበገሲ ብምግባር ሕቶታትን ክበርሁ ዝግብኦም ነጥቢታትን ኣልዒሎም ክዝትዩ ውዒሎም። ኣቦ መንበር ሰደግኤ ብጻይ ብርሃነ የማነ ነቶም ዝቀረቡ ሕቶታት ኣድላይ መልሲ ሂቡሎም። ሰፊሕ ክትዕን ምይይጥን ብምክያድ፡ ኣብቲ ዝቀረበ ጸብጻብ ክማላእ፣ ክእረም፣ ክመሓየሽ ንዝበልዎ ጉባኤተኛታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቶም ብደረጃ ጉባኤ ውሳኔ ዘድልዮም እዋናዊ ኣጀንዳታት ኣብ ዝቕጽሉ ስነዳት ክዝትይሎም ብምስምማዕ ኣማሲዩ ውዕሉኡ ፈጺሙ።



ናይ ሎሚ ካልኣይ መዓልቲ ውዕሎ 6ይ ውድባዊ ጉባኤ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ይመስል ነይሩ፤ ጽባሕ ኣብ ዝቕጽሉ ኣጀንዳታት ክዝትይ ትጽቢት ይግበረሉ። ኣብ መስርሕ'ዚ 6ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ዝሳተፉ ዘለዉ ወከልቲ መሓዙት ውድባት ኣብ ምህብታም ኣጀንዳታት ጉባኤ ኣወንታዊ ተራ ምጽዋቶም ተፈሊጡ'ሎ።

ሽማግለ ዜናን ስነዳን
6ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ
22 ሰነ 2013